# ጋዜጣዊ መግለጺ

## ናይ ኣልጀዚራ ዘየቋርጽ ናይ ሓሶትን ጸለመን ዘመተታት

ኣብ ዶሓ ዝመደበራ ቴለቪዥን ኣልጀዚራ፡ ናይ ቋንቋታት እንግሊዝን ዓረብኛን ቻነላት፡ ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ ዘንቀደ ናይ ሓሶት "ወረ" ብዛዕባ ኤርትራ ከጋውሓ ቀንየን። እዘን ቻነላት ከም'ዚ ዝበለ ዝደጋገም ሕሱር ዘመተን ውንጀላን ኣንጻር ኤርትራ ከካይዳ፡ እዚ ናይ ፈለማ ኣይኮነን።

ኣብ'ዚ ናይ'ዚ ሰሙን'ዚ ፈነወ፡ መደበር ኣልጀዚራ፡ "ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ዓሰብ ዝተደኰነ ወተሃደራዊ መደበር ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ የመናውያን እሱራት ዳጒና'ላ።" ክትብል ወንጂላ። እንተኾነ ግን፡ ነዚ ክሲ'ዚ ዘረጋግጽ ዘቐረበቶ መርትዖ ዋላ ሓደ የለን። እቲ ነቲ "ወረ" ዘሰነየትሉ ስእልታትን ምስልታትን፡ ኣብ የመን ናይ ዝርከብ መዳጒኒ መደበራትን እሱራትን'ዩ። እዚ ድማ ኩነ ኢሉ ዝተገብረ፡ ቅሉዕን ነውራምን ሸፈጥ'ዩ።

ነዚ ውንጀላኣ ንምርጓድ፡ ኣልጀዚራ፡ ማት ብራይደንን ኣንድርያስ ክሬግ ዝተባህለ ዝተዓሰበ "ምሁር" ካብ ኪንግስ ኮለጅን ኣዘራሪባ። ከም ዝዝከር፡ ማት ብራይደን፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተሰገደደ ዘይሓላፍነታዊ እገዳ፡ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ ዝተመዘዘ "ናይ ኤርትራን ሶማልያን ሞኒተሪንግ ጉጅለ" ቀዳማይ ኣቦ-መንበር'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን፡ ብገለ ሃገራት ዝተዓሰበ ኩይኑ ስለዝጸንሐ፡ ካብ'ቲ ውድብ ተባሪሩ'ዩ። ሚስተር ኣንድርያስ ክሬግ ድማ፡ ምናልባት ነቲ ኣልጀዚራ

ኣንጻር'ተን ኣብ ወሽመጥ ዓረብን ካልእ ከባቢታትን ዝርከባ "ተጻረርታ" እተካይዶ ናይ ጸለመ ዘመተታት፡ "ምሁራዊ" ሽፋን ንምሃብ ዝተቐጽረ፡ ካብ መስኮት ናይታ መደበር ዘይርሕቕ ዓሚል'ዩ።

መደበር ኣልጀዚራ ብዘይካ'ዚ፡ "ኤርትራ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ወደብ ዓሰብ ወተሃደራዊ መዓስከር ክትድኩን ናይ 30 ዓመታት ውዕል ክራይ ኮቲማ'ላ" ክትብል'ውን ወንጂላ። እዚ'ውን፡ ካልእ ውጹእ ሓሶት'ዩ። ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ምስ'ቲ ኣብ መቓን ናይ'ቲ ኣብ የመን ዝካየድ ዘሎ ኩናት ኣንጻር ግብረ- ሽበራ ዝቐንዐ፡ ንውሱን ስርሒታት ዘገልግል - ግዝያዊ መደበር'ዩ ኣብ ዓሰብ ዘለዋ። ዕድመ ናይ'ዚ ግዝያዊ መሳለጥያ ድማ፡ ኣብ ግዜ ናይ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ዞባዊ ስርሒታት ዝተመርኮሰ'ዩ።

ኣልጀዚራን ብድሕሪ መጋረጃ ናይ'ዚ ዘንቀደ ናይ ጸለመ ዘመተ ኣንጻር ኤርትራ ተሰሊፈን ዘለዋ ገለ ሃገራትን፡ በቲ ኣብ ዞባና ዝርአ ዘሎ እወታዊ ምዕባለታት ሰላምን ዕርቂን ዝተሰናበዳ'የን። ናይ ሓሶት ዘመተኦን ኣንጻር ኤርትራ ድማ፡ ነቲ ሓዲርወን ዘሎ ስግኣት ዘጕልሕ ጥራይ'ዩ።

**ሚኒስትሪ ዜና**
**ኣስመራ**
**20 መጋቢት 2019**